# ጥበብ'ያ ንሳ !



ስነ-ጥበባዊ መሓሪ ገብርኣብ

ጥበብ'ያ ንሳ
ጥበብ'ዩ ማእሳ
ጥበብ'ዩ ትርኣሳ
ሰብ ጥበብ'ዮም ፈውሳ

ቅኒት'ታ መሰንቆ
ጣዕሚ'ታ ሻምብቆ
ዜማ'ታ ሃርሃሪት
ሰላም ኣበሳሪት

ትልሂት'ታ ጎርዞ
ዝረኣየ እንከፍዝዘ
ውቃበ'ቲ ዘያሚ
ትንግርቲ'ዩ ሕልሚ
ላዛ'ለዎ ጣዕሚ
ተውኔት ት'ዓያይ
ብኡነት'ዩ ዝጎይ

ጥበብ'ዩ ቆልኣ
ጥበብ'ዩ መልክዓ
ዛ'ጓል መብጽዓ

ኣብ ጎኒ'ቲ ጅግና
ባዕላ'ያ ዋና

ብጋህዲ ንጠማቲ
ሕብእቲ ኣይኮነትን ስውርቲ
እኳ ድኣ ርግእቲ ውቅብቲ
ለይታ ዝቐየረት ናብ መዓልቲ

ቲ'ክብሪ ተ'ስረት
ኣብቲ ብሩኽ መሬት
ቆፍኣ ተዋድድ
ቀውዓ ትዓጽድ

ፍረ ደማ'ዩ ስልማታ
ውሉዳ'ዩ ሃብታ
ሓቂ'ዩ ቅናታ

**ኤርትራ !**

ኣብ ድራር መኸተ ዲሲ፡
ብ 01/28/2912 ዝቐረበት ግጥሚ፡